## <u>ኣንታ መንዩ’ዚ?</u>

# <u>ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ</u>



**ተዓወቱ ስምኩም ትረኽቡ!**

ኣማን ብኣማን
እወ ንሱ’ዩ እቲ ስዉእ ጅግና፡
እቲ ኣርሓ ኣንበሳ እቲ ቀራጽ ሓርበኛ።

ሓለንጋይ ቁመቱ - ልዕሊ መዛንኡ
ፈረስ ዘጋልብ - ሕቆ እንግድዑኡ
ክትርእዮ ዘብህግ - ቅርጻ ግርምኡ።

ኣየ’ቲ ጉብዝንኡ - ቅርጻ ኣካላቱ
ኣየ’ቲ መልክዑ፡ ምልምል ሰውነቱ
ከም ጸሓይ ዝኹልዑ - ኮኾባት ኣዒንቱ።

በሊሕ ምንባሩ መስኪሮም መማህርቱ
ቀራጽ ጅግና ምንባሩ መስኪሮም መጋድልቱ
ብሓቂ ዝወጾ ኣይነበሮን ምሉእ ታሪኽ ሂወቱ
ካብ ንእሽቱኡ ጀሚሩ ክሳብ እታ ናይ ጀጋኑ መስዋቱ

**ክቡራት ኣንበብቲ፥**
**ኣብ’ዚ ሰሙን’ዚ ብዛዕባ ጅግና ስውእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ኣብ መርበብ ሓበሬታ እንደገና ክልዓል ምስማዕ ኣዝዩ ዘኩርዕ እኳ እንተ ኾነ፡ ስም ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ብበዓል ኣቶ ተስፋጼን (ኣግኣዚያን) ብኣሉታዊ (ብጸርፊ) ክልዓል ግን፡ ኣዝዩ ዘሕዝን’ዩ።**

**ኣቶ ተስፋጼን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ካብ ምንታይ ከም ዝነቐለ ዘይፍለጥ፡ ስም ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ኣልዒሉ ዝደርበዮ ዘሕዝን ቃላት ንምድጋሙ ውን ኣዝዩ ዘሕፍር ስለ ዝኾነ፡ ኣብ’ዚ ጽሑፍ እዚ ክደግሞ ኣይመረጽኩን። ኣቶ ተስፋጼን በብእዋኑ ዝብሎ ብዙሕ ብምኽኣኑ፡ መልሲ ካብ ምሃብ፡ ንሕጂ፡ <u>“ህሁ በል ተስፋጼን”</u> ብዝብል ኣርእስቲ፡ ታሪኽ ሂወት ጅግና ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ብወገነይ ብተኸታታሊ ክሕብሮ’የ መሪጸ።**

# ሀሁ በል ተስፋጼን

## ታሪኽ ሂወት ጅግና ስውእ መልኣከ ተኽለ

## ካብ ዓዲ ንኣምን ክሳብ ራሳይ

### መእተዊ፡

ከም ባህሊ ስለ ዝተወሰደ፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ብዛዕባ ጅግንነት ናይ ውልቀ ሰብ ምጽሓፍ'ሲ ይትረፍ፡ ብኣፍ ምዝራብ'ውን ዳርጋ ልሙድ ኣይኰነን። እቲ ስቐታ ብኸምኡ ስለ ዝቐጸለ ድማ፡ ታሪኽ ናይ ስዉኣት ጀጋኑ ተረሲዑ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ታሪኽ ብዘይፈልጡ ብኣሉታ ክለዓል ምጅማሩ ዘሕዝን'ዩ። ብወገነይ ቅድሚ ሕጂ ካብ'ዚ ስክፍታ'ዚ ብምንቃል፡ ከም ኣብነት ንኽኸውን ታሪኽ ሂወት ናይ ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ መበገሲ ወሲደ፡ ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ'ውን እቶም ተዘክሮታቶም ንኽካፍሉኒ ዝተወከስክዎም ሰባት፡ ምሉእ ምትሕብባር ስለ ዝገበሩለይ፡ ኣብ መደምደምታ በጺሓ ናብ ኣንበብቲ ተዘርጊሓ'ያ።

ስለምንታይ ብዛዕባ መልኣከ ተኽለ ዝብል ሕቶ ካብ ኣንበብቲ ከም ዝተላዕለ እዝክር። ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተንከፍክዎ፤ ከም ኣብነትን መበገስን ንክኸውን ድኣ እምበር፤ ታሪኽ ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ካብ ታሪኽ ናይ ኩሎም ጀጋኑ ስውኣትና ፍሉይ ስለ ዝኾነ ኣይነበረን። እንታይ ድኣ በቲ ኣነ ክገብሮ ዝኽእል ድሩት ዓቕሚ ንምጅማሩ ካብ ዝብል ዕላማ'የ ነቒለ። ብድሕሪኡ ውን ብቐጻሊ ታሪኽ ጀጋኑ ክጽሓፍ ምርኣየይ ክኹርዓኒ ከሎ፡ ብኣሉታ ክዝንቶ ክሰምዕ ከለኹ ድማ የሕዝነኒ።

ከም'ቲ ኣብ መጽሓፈይ ብዝርዝር ገሊጸዮ ዘለኹ፡ ኣብ'ዚ ንዓኻትኩም እንደገና ከካፍሎ ዝደልዮ፡ ኣብ ምሉእ ሜዳ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ እዛ "መልኣከ ተኽለ" እትብል መጸውዒት ስም፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ሕጂ ከይተረሰዐ ኣዝያ ግንንቲ'ያ። ይኹን እምበር፡ እዚ ጅግና ስዉእ ተጋዳላይ'ዚ መን'ዩ ዝብል ሕቶ ክሳብ ሕጂ ካብ ብዙሓት ሰባት ኢኻ ትሰምዖ። ስለዚ ኣንባቢ ብዛዕባ ስዉእ ጅግና ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ መታን ምሉእ መረዳእታ መታን ክህልዎን፡ እቲ ታሪኽ ውን መታን ኣብ ድሕሪ ገጻት ክስነድ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ በብክፋል ከቕርቦ'የ።

እቲ ጉዕዞ መታን ናይ ሓባር ክኾነልና፡ ኣነ ከም ኣቕራቢ ንስኻትኩም ከም ኣንበብቲ፡ ኣንበብቲ፡ ካብ'ታ ጅግና መልኣከ ተኽል ዝተወልደላ ዓዱ (ዓዲ ንኣምን ዓንሰባ) ነቒልና ክሳብ እታ ዝተሰውኣላ መደበር ራሳይ (ዶብ ኤርትራን ሱዳንን) ብሓባር ክንጓዓዝ እዕድመኩም። ኣብ'ቲ ጉዕዞ፡ ምስ ቤተ-ሰቡ፡ ምስ መሳትኡ፡ ምስ ኣዕሩኽቱ፡ ምስ መማህርቱ፡ ምስ ናይ ቃልሲ ብጾቱ ከላልየኩም'የ።

ጽቡቕ ናይ ሓባር ጉዕዞ ክገብረልና እናተመነኹ፡ ንሎሚ ካብ ዓዲ ንኣምን (ካብ ርባ ሸንከላ) ብምንቃል፡ ናይ ኣተዓባብይኡ ታሪኽ ሂወት ኢና ክንርኢ። ከምኡ እናበልና ድማ ክፋል ብክፋል ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ክንበጽሕ ኢና።

## ቀዳማይ ክፋል

መልኣከ ተኽለ ካብ ኣቦኡ ክቡር ኣቶ ተኽለ ባህታ፡ ካብ ኣዲኡ ክብርቲ ወይዘሮ ግምጃ ግደ ብ1949 ኣብ ዓዲ ንኣምን ወረዳ ዓንሰባ ተወሊዱ። ክቡር ኣቶ ተኽለ ባህታ ዘርኢ-ሃይማኖት፡ ካብ ማይ-ቤት ሞሲ-ብርሃን ዝውለዱ ኮይኖም፡ ክብርቲ ወይዘሮ ግምጃ ግደ ከንቲባ ወልደሚካኤል ድማ ካብ "ገዛ ከንቲባ" ተባሂሎም ዝጽውዑ ማይ-ቤት ዝውላዳ፡ ንሰን'ውን ጓል ዓዲ ንኣምን'የን።

ኣቦሓጉኡ ንመልኣከ ተኽለ ክቡር ኣቶ ባህታ ዘርኢሃይማኖት ሸሞንተ ቆልዑ'ዮም ወሊዶም። ሹዱሽተ ኣወዳት፡ ክልተ ኣዋልድ። ቦኹሪ ወዶም በረንበራስ ዘወልዲ ይብሃሉ። ዝተረፉ ደቆም ድማ፡ ቀሺ ጽገ፡ ኣቶ ነማርያም፡ ኣቶ ተኽለ (ኣቦኡ ንመልኣከ)፡ ኣቶ ሃብተ፡ ኣቶ ሰረቐ ይብሃሉ። ኣዋልድ ደቆም ድማ ወይዘሮ ኣምለሰትን ወይዘሮ እትመትን ይብሃላ።

ኣብ ዝርዝሩ ድኣ ቀስ ኢልና ክንበጽሖ ኢና'ምበር፡ ክቡር ኣቶ ተኽለ ባህታን ክብርቲ ወይዘሮ ግምጃን ውን ዓሰርተ ቆልዑ'ዮም ወሊዶም። ብሓጺሩ ኣሕዋት መልኣከ ትሽዓተ እዮም። ኣርባዕተ ኣዋልድ፡ ሓሙሽተ ኣወዳት።

ኣዲኡ ንመልኣከ ተኽለ ወይዘሮ ግምጃ ግደ ንወለደን ሓንቲ ጓሎም ስለ ዝኾና፡ ወራሲት ገዛ'የን። ንሰን ንበይነን ይዕበያ ድኣ እምበር፡ እቲ ኹሉ ዝኽእል ፈጣሪኤን፡ ኣብዚሑ'ዩ ውላድ ሂብወን። ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ጥንሰን ዝተወልደት ቦኹሪ ጓለን "ሓረጉ-ወይኒ" ዝብል ስም ኣውጺኤናላ። ንቦኹሪ ጓለን "ሓረጉ-ወይኒ" ዝብል ስም ምሃበን፡ ብዕላማ ዝገበርኦ'ዩ ነይሩ። ሓረጉ-ወይኒ ልክዕ ከም ሓረግ ናይ ወይኒ ንኽትጥጥዓለን ምንዮተን ንምግላጽዩ ነይሩ። ሓው ወይ ሓብቲ ዘይብለን ስለ ዝዓበያ፡ እዛ ቦኹሪ ጓለን ከም ወይኒ ክትጥጥዓለን'ዩ ነይሩ ሕልመን ።

"ብተመን ዝተነኸሰ ብልሕጺ ይድሃል" ከም ዝብሃል፡ ወይዘሮ ግምጃ ነቲ ንሰን ንበይነን ዘሕለፍኦ ዕድመ ዘኪረን፡ ኣብ ደቀን ከይድገም ምስካፍ እኳ ዘይተርፍ እንተ ነበረ፡ እዘን ለባም ወረጃ ሰበይቲ ግን ኣብ እምነተን ጸኒዔን ፈጣሪኤን ኣብዚሑ ክህበን'የን ብተስፋ ዝጽበያ ነይረን። ጽቡቕ ዕድል ጌረን ድማ፡ ካልኣይቲ ጓል ወሊደን። ኣስካሉ ዝብል ስም ድማ ኣውጺኤናላ ። ብሓቂ ጽቡቕ መደያይቦ ኣስካላ።

ወይዘሮ ግምጃ ሳልሳይ ውላድ ክውስኻ፡ እንተ ኮይንለን ድማ ወዲ ክረኽባ ክምነያ ናይ ግድን'ዩ። ጸሎትን ጾምን ድማ ኣየቛረጻን። እንሆ ድማ ንሳልሳይ ግዜ ጓል ወሲኸን። እቲ ዝለመንኦ ፈጣሪኤን ኣብዚሑ ስለ ዝሃበን ድማ "ርግኣት" ዝብል ስም ኣውጽኤናላ። "ርግኣት" ክብላ ከለዋ፡ ምናልባት ኣዋልድ ምውላድ ይእከለኒ ማለተን ክመስል ይኽእል ይኸውን። ወይዘሮ ግምጃ ግን "ርግኣት" ክብላ ከለዋ፡ "ቀሲነ/ረጊኤ" ማለተን'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ናይ ጥምቀት መዓልቲ ወይዘሮ ግምጃ ነዛ "ርግኣት" እትብል መጸውዒት ስም ሒዘን'የን ናብ ካህነን ቀሪበን። ክቡር ኣባት ነብሰን ነታ "ርግኣት" እትብል ስም ገዲፎም ነታ ሕጻን "ጽርሃ-ኣርያም" ኢሎም ኣጠሚቖማ። እንተኾነ ግን እዛ "ጽርሃ-ኣርያም" እትብል ናይ ካህን መጸውዒት ስም፡ ካብ መካባብያ ቤተ ክርስትያን (ቀጽሪ ደገ-ሰላም) ማርያም-ጽዮን ንግዳም ኣይወጸትን። ተረሲዓ ተሪፋ።

---

ኣቶ ሰረቐ ባህታ ኣቦኡ ንጅግና ስውእ የሕደጉ ሰረቐ እዮም። ተጋዳላይ የሕደጎ እቲ ምስ ጅግና መልኣከ ተኽለ ብሓባር ኣብ 1971 ናብ ተ.ሓ.ኤ. ተሰሊፉ ኣብ ውግእ ማይ-ምነ (ቆሓይን) ዝተሰውኤ ወዲ ሓዎም ነቦይ ተኽለ ባህታ (ወዲ ሓወብኡ ንመልኣከ ተኽለ)
እዩ።መ

ኣብ ስድራ ቤት እንዳ ኣቦይ ተኽለ ባህታ ሓደ ካብቲ ዘሐጉሰካን ዘኹርዓካን፡ እቲ ኣብ ነንሕድሕዶም ዘርእይዎ ናይ ምትብባዕ ባህሪ'ዩ። ወይዘሮ ግምጃ ሰለስተ ኣዋልድ እየን ኣከታቲለን ወሊደን። ወዲ ዘይወለድኩ ኢለን ንፈጣሪኤን ኣየማረራን። ምሉኣት ቤተ ሰበን ውን፡ መታን ወዲ ዘይወለድኩ ኢለን ከይጉህያ፡ "ኣጆኺ ኣይትሰከፊ!" እናበሉ እዮም ዘተባብዕወን ነይሮም። ብፍላይ ድማ እቶም ወረጃ ዝኾኑ ለባም ሓሙኣን ክቡር ኣቶ ባህታ ዘርኢሃይማኖት፡ "ግምጃ ጓለይ፡ ወዲ ዘይወለድኩ ኢልኪ ኣይትሰከፊ። እንሆን'ዶ እንታይ ዝመስላ ጽቡቓት ኣዋልድ፡ ብዘይ ገዝሚ ዝኸዳ ወሊድክልና ኣየሎኽን! ኣጆኺ ኩልና ብኣኺ ሕጉሳት ኢና! ድሓር ከኣ ዕድሜኺ ዘይ ገና ዘሎ፡ ኣወዳት ብሕጂ ክትወልድዮም ኢኺ!"፡ እናበሉ'ዮም ሞራል ሂቦም ዘተባብዕውን ነይሮም ። በዓል-ቤተን ክቡር ኣቶ ተኽለ ባህታ'ውን ካብ ናይ ኣቦኦም ዘይፍለ ምትብባዕ'ዮም ዝገብሩለን ነይሮም።

ንሕና ናይ'ዚ ታሪኽ ተኸታተልቲ ድኣ ኢና መልኣከ-መልኣከ እናበልና ተረቢጽና ዘሎና እምበር፡ ስድራ ቤተ እንዳ ኣቦይ ተኽለ ባህታስ፡ ኣብ እምነቶም ጸኒዖም ረጊኦም'ዮም ዘለዉ። ነተን ወረጃ መስተውዓሊት ወይዘሮ ግምጃ ቀንዲ ዘገድሰን ዝነበረ፡ ከም'ቲ ንሰን ሓው ወይ ሓብቲ ዘይብለን ንበይነን ዝዓበያ፡ ከምኡ ኣብ ደቀን ከይድገም ጥራይ'ዩ ጸሎተን ነይሩ። እቲ ወሃብን ከላእን ላዕላይ ፈጣሪ ኸኣ፡ ኣብዚሑ'ዩ ዓዲልወን። ወዲ ክወልዳ ምኻነን ውን ተጠራጢረን ኣይፈልጣን'የን።

በሉ ንብሸራት! ኣብ ገዛ እንዳ ክቡር ኣቶ ተኽለ ባህታ ሸውዓተ ሳዕ እልል ይብሃል ኣሎ። ወይዘሮ ግምጃ ወዲ ወሊደን ክኾና ኣለወን። ምኻን እኳ ወዲ ምኻኑ ድኣ ኢና ኣረጋጊጽና ዘሎና እምበር፡ መልኣከ ይኹን ካልእ፡ ክሳብ ሕጂ ዘሰማዕናዮ ነገር የለን። እቲ ሕጂ ዝተወልደ ቀልዓ ውዒሉ ሓዲሩ ምጥማቑ ስለ ዘይተርፍ ግን፡ ኣብ ሓጺር እዋን ሓዲኡ ከፍልጥ'ዩ። ከምቲ ንምነዮ እንተኾይኑልና ጽቡቕ፡ እንተ ዘይኮነ ከኣ ካብ ዝነበርናዮ ኣይነውሓናን'ዩ፡ ብትዕግስቲ ንጽበ።

ወይዘሮ ግምጃ ባዕለን ዘለውኦ ስለምንታይ ኢና ንሕና ንህወኽ ዘሎና? ከም ወዮ ሓሙኣን ኣቶ ባህታ ዝበልዎ፡ ገና ንእሽቶይ'የን ዘለዋ። እንተ መልኣከ ተኽለ ድማ፡ ተርትኡ ሓልዩ ኣብ ጊዚኡ ክውለድ'ዩ።

ወይዘሮ ግምጃ ነቲ "*ለምኑ ክወሃበኩም፡ ድለዩ ክትረኽቡ፡ ማዕጾ ኳሕኩሑ ክረሓወልኩም*" ዝብል መንፈሳዊ እምነት ቀጥ ኣቢለን ስለ ዝሓዝኦ፡ ካብ'ታ ንቦኹሪ ጓለን ሓረጉ ዝወለዳላ እዋን ጀሚረን፡ ንግሆን ምሸትን ማዕጾ ቤተ ክርስትያን እንዳ ማርያም-ጽዮን ካብ ምኹሕኳሕ ኣየቋረጻን። እንሆ ድማ ከምቲ ዝተመነይኦ ወዲ ወሊደን። ቦኹረጽዮን ዝብል ስም ድማ መሪጸናሉ። "ካብ'ዚ ዝዓቢ መንፈሳዊ ህያብ እንታይ'ሎ!"

ዕድል ናይ ወይዘሮ ግምጃ'ኮ ከውሒ'ዩ ዝፍንቅል። ድሕሪ ቦኹረጽዮን ሕጂ'ውን እንሆ ኣርባዕተ ኣወዳት ኣከታቲለን ወሊደን። *"ኣርባዕተ ዲኻ ዝበልካ?"* ትብሉ ትህልዉ። *"እወ ኣርባዕተ'የ ዝበልኩ! እንታይ ዘሰንብድ ኣለዎ። ከም ምዕባዮም ይዓብዩ ዝብል ምስላ ናይ ወለድና ንሽንቱ መዓስ ተመሲሉ!"*

ኣየ'ወ እዘን ወረጃ ሰበይቲ! ንሕና ኣብ'ዚ ዓዲ ካብ እንኣቱ ጥራይ ሸሞንተ ቀልዑ ወሊደን የዕብየን። ምቑጻሮም ተደናጊርኩም ከይከውን፡ መጀመርያ ሰለስተ ኣዋልድ፡ ብድሕሪኣን ቦኽረጽዮን፡ ብድሕሪ ቦኽረጼን ኣርባዕተ ኣወዳት፡ ብጠቕላላ ሸሞንተ ምኻኖም'ዮም፣ር። ሓረጉን ኣስካሉን ርግኣትን ካብ ሕጂ ቀልዑ ክንብለን ኣይግባእን'ዩ። ድሮ ዓበይቲ ኣዋልድ እየን።

---

ምንጪ ሓበሬታ ኣቶ ማእከለ ጉልበት ኣዲኡ ከም ዘዘንተወትሉ

1 ሳሙኤል 1:10-20

ንሕና ሓደ ክልተ ኢልና ምቑጻር ተሃኪና፡ ወይዘሮ ግምጃ ግን ንሸሞንቲኦም ደቀን ተትሽዓተ ወርሒ ኣብርዩኒ ከይበላ ኣብ ኩብደን ጼረንኦም። (8x9=72) ሰብዓን ክልተን ኣዋርሕ፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ሹዱሽተ ዓመት (72/12=6) ምኳኑ'ዩ።

ሽዱሽተ ዓመት ጥራይ ውን ኣይኮነን። እቲ ንነፍሲ ወከፍ ደቀን ካብ ዝውለዱ ኣትሒዘን ክሳብ እግሪ ዝተኽሉ እንተ ውሓደ ከክልተ ዓመት (8x2=16) ኣብ ሕቑአን ብማሕዘል ዝተሰከምኦም'ከ? ሳላ እተን ዓበይቲ ኣዋልድ ደቀን በዓል ሓረጉ፡ ብርኽቲ፡ ርግኣት ዝሓገዝኤን እምበር፡ (16+6=22) ዕስራን ክልተ ዓመት መዓስ ቀሊል ኮይኑ። ቀዲምካ ኣዋልድ ምውላድ መኽሰቡ ንሱ'ዩ!

እዚ ኸኣ'ዩ ሓደ ካብ'ቲ ባህሊ ናይ ሕብረተ-ሰብና ቀንዲ ዘሓጉሰካ። ኣብ ቀልዑ ምዕባይ፡ ምሉእ ኣባል ስድራ ቤት'ዩ ተሓጋጊዙ ኣእጃሙ ዘልዕል። ውላድ ምብዛሕ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ከም ሃብትን በረኸትን ዝቑጸር ውም በዚ ምኽንያት እዚ'ዩ።

*ቀልዓ ኣብ ምዕባይ፡ ምሉእ ዓዲ'ዩ ዝሓትት" (It takes a village to raise a child)* ዝብል ምስላ ንሽንቱ ኣይተመሰለን። እዚ ምስላ'ዚ ብግብሪ እንተ ርኢናዮ ድማ፡ ሕብረተ-ሰብና'ዩ ኣብ ሕብረተ-ሰብና'ዩ ዝያዳ ዘንጸባርቕ። ምኽንያቱ እቶም ምዕቡላት ኢና ዝብሉ ሕብረተ-ሰብ፡ ኣሽንኳይ'ዶ ኣብ ቀልዓ ምዕባይ ኣብ ነንሕድሕዶም ክትሓገገዙ፡ ጕረቤት ንጕረቤት'ዮም ዘይፋለጡ! እዚ ቅዱስ ሕብረተ-ሰብና ግን፡ ብእምነትን ብተሰፋን ተሓጋጊዙ'ዩ ደቁ ዘዕቢ። ኣብ ገለ ሕብረተ-ሰባት ውላድ ምብዛሕ ከም ዕሽነት ክቝጸር ከሎ፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ግን ከም ህያብ ኣምላኽን ከም ጸጋን ኢና ንቕበሎ። ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ክፈጥሮም ከሎ "ፍረዩን ተባዝሑን፡ ንምድሪ ኸኣ ምልእዋ" ኢሉ'ዩ መሪቕዋም።

እስኪ ናብ ወይዘሮ ግምጃ ንመለስ። ሳላ ዓቕሊ ዝገበርና፡ እንሆ ወይዘሮ ግምጃ ሕጂ'ውን ጥንስቲ'የን። ከም ቀደመን ብድሓን የገላግለን። እዚ ሕጂ ተጠኒሱ ዘሎ ቀልዓ፡ ገና ዘይተወልደ ወዲ ድዩ ጓል ኢልካ ምሕታት ልሙድ ስለ ዘይኮነ፡ ሰብ ከይሰምዓና ቁሩብ ጥንቅቕ እንተበልና ጽቡቕ'ዩ።

"*መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ።*" እንሆ ትሽዓተ ወሪሒ ኣኺሉ ወይዘሮ ግምጃ እዋን ሕርሰን በጺሑ። ወዲ ወሊደን ተባሂሉ'ዩ ዝውረ ዘሎ። መልኣከ ተኽለ ደኾን ኣይኮነልናን? ጥራይ ኣይንተሃወኽ እምበር ድሮ ጥጥቓ ሓራሳት ተዓዲሉስ ኣርብዓ መዓልቱ ኣኺሉ፡ እቶም ስድራ ንጥምቀት'ዮም ዝሸባሸቡ ዘለዉ። ኣብ'ታ ናይ ጥምቀት መዓልቲ''ኳ ሓንቲኣ ከተፍልጥ'ያ።

ወይዘሮ ግማጃ ድሮ ድሮ ሸሞንተ ቀልዑ ወሊደን፡ ክሳብ ሕጂ ንሓደ ካብኣቶም "*መልኣከ*" ዝብል ስም ዘይመስመይአን እቲ ምኽንያት እንታይ ክኸውን ይኽእል? ነዛ "*መልኣከ*" ትብል ስም ንመዓስ ክትኮነን'የን ዓቝረንኣ ዘለዋ?

በሉ ሕጂ ውን ኮለል ኣይንበል! እዘን ለባም ወረጃ ሰበይቲ፡ ንኹልና ዘቕሰን ስም'የን መሪጸን። "ተዓገሰ" ወይ "ተመስገን" ዝብል ስም ኣይመረጻን። እታ ብሃንቀውታ ንጽበያ "*መልኣከ*" እትብል ስም'የን መሪጼን። ኣባት ነፍሰን ድማ፡ እታ ስም ባህ ስለ ዝበለቶም፡ "ብርሃን" ትብል ቃል ወሲኾም "*መልኣከ-ብርሃን*" ኢሎም ኣጠሚቖሞ። ብርሃን ይዓድሎም። "ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ" ዝብልዎ ከም'ዚ'ዩ።

---

ዘፍጥረት ምዕራፍ ሓደ ቁጽሪ 28

ወይዘሮ ግምጃ ድሕሪ መልኣከ ወደን ምውላደን ብሕጂ'’ኸ ውላድ ክውሰኻ ድየን ወይሲ የእኪለን'የን? “ድሕሪ መልኣከ-ብርሃን እንታይ ክደግማ!” ትብሉ ትህልዉ። ንወይዘሮ ግምጃ እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ'ዚ ቅቡል ኣይኮነን። ንነዊሕ ኣርሒቐን ስለ ዝሓሰባ፡ እተን ዓበይቲ ደቀን በዓል ሓረጉ፡ ብርኽትን ርግኣትን ድሮ ሓዳረን ሒዘን ስለ ዝኾና፡ መትኣርግቲ ትኾነን ጓል ክወልዳ ከም ዝምነያ ፍሉጥ'ዩ።

እንሆ ውን ንመበል ዓሰራይ እዋን ወይዘሮ ምንያ እታ ዝተመነይኦ ጓል ወሊደን። ሓሳብ ልበን ሰሚሩሉን "ምንያ" ዝብል ስም ኣውጺኤናላ። ስለዚ መልኣከ ውን ሕሳስልደ ሓብቲ ረኺቡ።

**ካልኣይ ክፋል ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ተኸታተሉ**

**ግርማይ ቦኽሪ**
bokrila@gmail.com